# ትንታነ ንውጽኢት ጉባኤ መራሕቲ ኣብ ኣስመራ፡ እስትራተጂያዊ ምትሕግጋዝ ኣብ መንጎ ኤርትራ፡ ምስሪን ሶማልን



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ንውጽኢት ጉባኤ መራሕቲ ኤርትራ፡ ምስሪን ሶማልን ኣብ ኣስመራ ጂኦግራፊውያን ፖለቲካውን መልክዑ ንምትሓዝ፡ ቅድሚ ንትሕዝቶን መንፈስን ስሉሳዊ መግለጺን ኣብ ውሽጡ ሓቍፉዎ ዘሎ መልእኽቲን ናይ ትግባረ መካኒዝምን ምርኣይና፡ ኣቐዲምና ዝተቓንዓሉ ቦታን ስሉሳዊ ኣኼባ መራሕቲ ዝተኻየደሉ ግዜን ጂኦ-እስትራተጂያውን ጂኦ-ፖለቲካውን ኣገዳስነት ናይ ሰለስቲአን ሃገራትን ክንትንትን ኢና።

## ቦታ፦ ኤርትራ

ስሉሳዊ ኣኼባ መራሕቲ ኤርትራ፡ ምስሪን ሶማልን ኣብ ኣስመራ ምክያዱ ብዙሕ ትርጉም ኣለዎ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፦

1 ኤርትራ ካብ’ቲ ናጽነታ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ዝመንዘዓትሉ 1991

ጀሚራ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ንዘተወልዐ ውግኣት ንምጥፋእ ዘይተቐጠበ ጭቡጥ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ጻዕሪታት ኣካይዳ እያ።

2- ኤርትራ ንኣህጉራዊ ሕጊታት፡ ቻርተራት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ምንቅስቓስ ሻራ ዘይብለን ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ኢጋድን እተኽብርን እትምእዘዝን ሃገር እያ።

3- ሃገረ ኤርትራ ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲኣ በዞም ዝስዕቡ መትከላት ትቕየድ።

- ምስ ካልኦት ኣብ እትገብሮ ምውሳእ ብማዕረ ምስራሕ።
- ሓድሕዳዊ ምክብባር
- ንሓባራዊ ረብሓ ምስራሕ
- ኣብ ናይ ካልኦት ውሽጣዊ ጉዳይ ዘይምእታው።

- ኣብ ዓንኬል ኪዳናት ዘይምስታፍ።

## ግዜ

ስሉሳዊ ጉባኤ ኣስመራ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ውግኣት ኣብ ዝተወልዓሉን ወጥሪታት ኣብ ዝሰፈነሉን ግዜ'ዩ ተቓኒዑ። ቀይሕ ባሕሪ ድማ በቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ተቓዋሚ ምንቅስቓስ ፍልስጥኤም ሓማስን ዝካየድ ዘሎ ውግእ ናይ " የመን ምንቅስቓስ ኣንሳር ኣላህ" ከም መርኣያ ደገፉ ምስ ቃልሲ ህዝቢ ፍልስጥኤም ናብ ወደብ ኤላት ንዝኸዳ መራኽብ ከም ዝወቅዕ ምስ ኣወጀ ኣካል'ቲ ውግእ ኮይኑ። ምምሕዳር ኣሜሪካ ብመሪሕነት ጆዜፍ ባይደን ከኣ ነቲ ኩነታት ብምምዝማዝ፡ ምስ ገለ ሃገራት ምዕራብ ዕላማኡ ቅሉዕ ዘኾነ ኪዳን ብምቛም ሓደ ዘገርም "ሓላዊ ብልጽግና" ዝብል ስያመ ዝተዋህቦ ኪዳን መስሪቱ። ዋሽንግቶን ብዛዕባ ኣየናይ ብልጽግና'ያ ትዛረብ ዘላ ግን ርዱእ ኣይኮነን። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንርእዮ ዘሎና ወጥሪን ዘይርጉእ ኩነታትን እዩ። ሓደገኛ ብዝኾነ መልክዕ ናይ ኩናት መራኽብ ብምጽፍጻፍ ከኣ ንቀይሕ ባሕሪ ናብ ሜዳ ወተሃደራዊ ግጥም ቀዩሩዎ ኣሎ። እዚ ኸኣ ንሓቀኛ ባህሪ ናይ'ቲ "ብልጽግና" ዝተሰምየ ኪዳን ዘንጸባርቕ እዩ።

## መራኽብ ኩናት ምዕራብ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ

ኣብ ውሽጢ'ዚ ወጥሪ ዝሰፈኖ ኩነታት ምምሕዳር ኣሜሪካን መሓዙቱን ጽልዋኦም ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንምስፋሑን ነፍሰ-ምክልኻል ብዝብል ምስምስ ንዕኦምን ንእስትራተጂያዊትን ታሪኻዊትን መሓዛኦም እስራኤልን ሓደጋ'ዩ ዝብልዎ ሚሳይላትን ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲን የመን ዝብገሰሉ ቦታታት ንምዕናው ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምስ ሓይሊ ባሕሪ የመን ወተሃደራዊ ረጽሚ ብምክያድ ነቲ ወጥሪታት ኣብ ምዕባይ ይርከቡ። ስለዚ ከኣ ምዕባለታት ናይ'ዚ ፍጻመታት'ዚ ንንግዳዊ ማያዊ መስመር ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ነቲ ኣብ መትረብ ስዌዝ 50% ዝንቀልቀለ ኣህጉራውን ዞባውን ንግዳዊ ምንቅስቓስ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ከምኡውን ወጻኢታት መድሕንን ዋጋታት ነዳዲን ሰማይ ዓሪጉ። ንመገዲ ቀይሕ ባሕሪ ምግዳፍን መገዲ ጽንፊ ጽቡቕ ተስፋ (Cape of good hope) ምምራጽን ኣብ ርእሲ ሓደጋታቱ ወጻኢታቱ'ውን ገዚፍ እዩ። እዚ ድማ እቲ ኣማራጺታት ኣመና ዝተወሰነ ምዃኑ'ዩ ዘነጽር።

## ጂኦ-እስትራተጂያውን ጂኦ-ፖለቲካውን ኣገዳስነት ስለስቲኦን ሃገራት

ኣገዳስነትን ተኣፋፍነትን ናይ'ቲ ስምምዕ ንምርዳእ፡ ግድን ናይ'ተን ብ10 ጥቅምቲ 2024 ኣብ ኣስመራ ስሉሳዊ ስምምዕ ዝኸተማ ምስሪ፡ ኤርትራን ሶማልን ጂኦ-እስትራተጂያውን ጂኦ-ፖለቲካውን ኣገዳስነተን ኣብ ማእከላይ ባሕሪ፡ ቀይሕ ባሕሪን ህንዳዊ ውቅያኖስን ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

1-ምስሪ ኣብ ቀይሕ 1941 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪ ኣለዋ። ከምኡውን ኣብ ወሽመጥ ዓረብ 201 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ኸኣ 955 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪ ትውንን። ብዘይካ'ዚ ኸኣ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ዕዙዝ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ወተሃደራውን ባህላውን ተራ ዘለዋ ሃገር እያ።

2-ኤርትራ'ውን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ 1350 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪ ኣለዋ። ንማእከል ቀይሕ ባሕሪ እትቆጻጸር 643 ኪሎ ሜተር ትርብዒት ስፍሓት ዘለዋ፡ ኣስታት 210 ደሴታት ዝሓቆፈት እኩባት ደሴታት ዳህላክ'ውን ኣላ። ከምኡውን ኤርትራ ብመገዲ'ታ 5 ደሴታት ዝሓቆፈት እኩባት

ደሴታት መሓበካ ኣቢላ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እስትራተጂያዊ ቦታ ዝሓዘት እያ። ብመገዲ ደሴት ፋጥማን ሓላብን ራስ-ዱሜራን ደሴት ዱሜራን ዲርዔላን ኣቢላ ከኣ ንሰሜናዊ ምዕራብ መጻብቦ ባብ ኤልመንደብ ትቆጻጸር። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ኤርትራ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ዝኾነት ሃገር ንላዕሊ ዝበዝሐ ደሴታት ትውንን። 1950 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪ ዘለወን ኣስታት 354 ደሴታት ኣለዋ። በዚ ኸኣ ኤርትራ እንኮላይ ናይ ደሴታታ ሓዊስካ 3300 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪ ትውንን። ብፖለቲካዊ መዳይ ከኣ፡ ሃገረ ኤርትራ ካብ'ቲ ናጽነታ ዝተጎናጸፈትሉ 1991 ጀሚራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ሰላምን ርግኣትን ንምስፋንን ግርጭታትን ውግኣትን ንምውጋድን ዓቢ ተራ ተጻዊታ እያ።

3-ሶማል ብወገና ብዘለዋ ናይ 3025 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪን በታ ኣብ ደቡባዊ ጫፍ እትርከብ 6 ደሴታት ዝሓቀፈት እኩባት ደሴታት ባጁኒ ኣቢላ ንደቡባዊ ባብ ኤልመንደብ ትቆጻጸር እያ። ገምግም ሶማል ብባብ ኤልመንደብ ኣቢሉ ኣብ መንገ መጻብቦ ሆርምዝን መትረብ ስዌጽን ከም መራኸቢ ቀለቤት እዩ። ሶማል ነቲ ካብ ጽባሕ ናጽነታ 1960 ጀሚራ ክሳብ'ቲ ዝወረዳ ፖለቲካዊ ውድቀት 1990 ንሰለስተ ዕቁዳት ምሉእ ዝነበራ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ታሪኻዊ ተራ ንምምላስ ጽኑዕ መሰረት ዘለዎ ሃገራዊ ሓድነታ ዳግም ንምህናጽን ዘይተቀጠበ ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ትርከብ።ስለዚ ከኣ ካይሮ፡ ኣስመራን መቓድሾን ኣብ መንጎ ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ዘሎ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ዘውሕስ ኣገዳሲ ጂኦ-እስትራተጂያውን ጂኦ-ፖለቲካውን ቦታ ዝውንና እየን። ከምኡውን ኣብዚ ኣገዳሲ ክፍለ-ዓለም ዝኾነ እስትራተጂያዊ ቦታ'ዚ ሰላምን ርግኣትን ኣብ ምስፋን ዕዙዝ ተራ ይጻወታ ኣለዋ። እዚ ኣብ መንጎ ሰለስቲአን ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ካብ ማእከላይ ባሕሪ ጀሚሩ ብመትረብ ስዌጽ ሓሊፉ ክሳብ ወሽመጥ ዓረብን ቀይሕ ባሕሪን ካብኡ ድማ ብባብ ኤልመንደብ ሓሊፉ ክሳብ ወሽመጥ ዓደንን ህንዳዊ ውቅያኖስን ወሽመጥ መጻብቦ ሆርምዝን ዝዝርጋሕ ዕምቆት ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ፡ ምስሪ፡ ኤርትራን ሶማልን ኣብ መንጎ ማእከላይ ባሕሪን ዞባ ወሽመጥ ዓረብን ቀንዲ መራኸቢ ቀለቤት ክኾና ከለዋ፡ ኣብ ነንሓድሕደን ኸኣ ሓባራዊ እስትራተጂያዊ ዕምቆት ኣለወን። ኤርትራን ሶማልን ንምስሪ ብወገን ደቡብ እስትራተጂያዊ ዕምቆት ዝህባ ክኾና ከለዋ፡ ምስሪ ብግደኣ ንክልቲአን ሃገራት ኤርትራን ሶማልን ብወገን ሰሜን እስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ኣለዋ።ነዚ ኩሉ ረቛሒታትን ሕሳባትን ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ እዮም ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ዜናውን ወገናት በዚ ኣብ መንጎ'ዘን ካብ ሰሜን መትረብ ስዌጽ ብደቡብ መጻብቦ ባብ ኤልማንደብ ሓሊፉ ክሳብ ምብራቕ ዞባ ወሽመጥ ዓረብ ዝዝርጋሕ ኣገዳሲ ጂኦ-እስትራተጂያውን ጂኦ-ፖለቲካውን ከባቢ ዝውንና ሰለስቲአን ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ ልዑል ተገዳስነት ዝገብሩ። እዚ ገና ኣብ ብዙሓት ማእከላት እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታትን ፖለቲካውን ምርምራውን ትካላትን መካትዒ ኮይኑ ዘሎ ስምምዕ'ዚ በቶም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝምልከቶም ዞባውያን፡ ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ወገናት ካብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኦምን ካብ ውጽኢቱ ዘለዎም ስግኣታትን ተበጊሶም መጽናዕቲታት ብምድላው ኣብ ምትንታን ይርከቡ።

**ነጥቢታትን መንፈስን ስሉሳዊ ስምምዕ**ኤርትራ፡ ምስሪን ሶማልን ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ተሰማሚዐን።

1-በቲ ብዝተወደበ መልክዕ ብፍላይ ከኣ በተን ብዋጋ ኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዕላትን ናይ ዕብለላን ዕንደራን ምስፍሕፋሕን ፖሊሲ ዝኸተላ ገለ ዓበይቲን ንኣሽቱን ሃገራት ዝግሃስ መትከላትን ኣህጉራዊ ሕጊን ይምእዘዛ።

2-ንሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሃገራት'ዚ ዞባ ምኽባር፡ ገለ ሃገራት ግን በተን ሓደገኛ ናይ ምስፍሕፋሕ ጥሙሕ ዘለወን ሃገራት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ተጻብኦታት የጋጥመን ኣሎ።

3-ኣብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ባህላውን መዳያት ንረብሓ ህዝብታት ሰለስቲኤን ሃገራት ብዘገልግል ስሉሳዊ ምትሕግጋዝ ምሕያልን ምዕዛዝን።

4-ጸጥታን ሰላምን ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኩሉ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ኣገዳስነቱ ምውሓስ።

5-ንዘጋጥም ዝተፈላለየ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት ንምምካት ሃገራዊ ፈደራላዊ ሰራዊት ሶማል ንኹሉ ዓይነታት ግብረሽበራ ንምምካትን መሬታውን ባሕራውን ዶብ ሶማልን ሓድነቱን ንምውሓስ ንዓቕሚ ትካላት ሃገረ ሶማል ንምሕያል ኣብ መንጎ ሰለስቲኤን ሃገራት ንዘሎ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ምምዕባል።

ብግብራዊ መዳይ፡ ሃገረ ኤርትራ ካብ ገለ ዓመታት ጀሚራ ናይ ኣጋርን ባሕሪን ኣየርን ኣሃዱታት ሰራዊት ሶማል ኣብዚ ዝስዕብ መዳያት ተራኣም ንክጻወቱ በብእብረ ብቀጻሊ ብዘይምቁራጽ ከተሰልጥን ጸኒሓ እያ።

1-መሬታውን ዞባዊ ማያዊ ዶባቱን ክሊ ኣየሩን ካብ ናይ ደገ ተጻብኦታትን ሰግኣታትን ንምሕላው።

2-ንግብረሽበራን ንጸጥታኣን ርግኣታን ዝህዉኹ ጉጅለታትን ምምካት።

3-ኣብ መላእ ሶማል ጸጥታን ሰላምን ምስፋን።

4-ንሉኣላውነት ሶማልን መሬታዊ ሓድነቱን ኣብ ምውሓስን መሰረት ትሕተ-ቅርጹን ሃገራዊ ሓድነቱን ኣብ ምሕያልን ምዕማቍን ዕዙዝ ተራ ዝጻወትን ሃገራዊ ሰራዊት ምህናጽ።

ምስሪ ብወገና፡ ንሶማል ወተሃደራዊ ሓገዛት ንምቅራብ ተበጊሳ። ክልቲኤን ሃገራት ከኣ ብ14 ነሓሰ 2024 ስምምዕ ሓባራዊ ምክልኻል ኸቲመን። ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ምስሪ ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎ ካይሮን መቓድሾን ዝተኸተመ ስምምዕ፡ ንገለ ኣሃዱታት ሰራዊት ሶማል ከተሰልጥን እያ። ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣሲሲ ኣብ'ቲ ብ21 ጥሪ 2024 ምስ ሶማላዊ መዘናኡ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ኣብ ዝገበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ዝኾነ ይኹን ወገን ንሶማል ከፈራርሕ ወይ ክትንክፍ ፍጹም ኣይነፍቅድን ኢና" ክብል ገሊጹ። ኣስዒቡ፡ ኣብ ዘመሓላለፎ ናይ መጠንቀቕታ ቃል "ንምስሪ ክፍትን ዝኽእል ዋላ ሓደ ከምዘየለ ብብሩህ ይገልጸልኩም" ኢሉ።

## መልእኽቲታት

ኣብ ኣስመራ ዝተቓንዐ ስሉሳዊ ስምምዕ ኣርባዕተ መሰረታዊ መልእኽቲታት ዝሓቀፈ እዩ። ንሱ ኸኣ፦ ብንጹርን ብዘየወላውል ኣገባብን ናብቶም ዝምልከቶም በጺሑ እዩ።

1-እቲ ቀዳማይ መልእኽቲ፦ ብዋጋ ኣህጉራዊ ሕጊን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበር ሃገራት ዓረብን ወዘተ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ዞባና ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምትእትታው ዝገብሩ ወገናት ዝቐንዐ እዩ። እቲ መልእኽቲ ከኣ ኣዝዩ ብሩህ ስለዝነበረ ብቐጥታ ናብቶም ዝምልከቶም ወገናት በጺሑ እዩ።

2-እቲ ካልኣይ መልእኽቲ፡ ሰለስቲኣን ሃገራት ነቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ዞባና ዝፍጸም ናይ ደገ ምትእትታው ብሓባር ክምክትአ ምስምማዕን እዩ። እዚ ነጥቢ'ዚ ኸኣ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ሓቀፉዎ ዘሎ መልእኽቲ ነቲ ብዞባውን ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ደረጃ ብክልተኣዊ ይኹን ብጉጅላዊ መልክዕ ዝፍጸም ስምምዓት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ናይ ካልኦት ዘይምእታው ኣብ ዝብል መትከላት ዝኸተሎ ልሙድ ክላሲካዊ መጸዋዕታታት ዝሰገረ ብምዃኑ። ምኽንያቱ ምስሪ፡ ኤርትራን ሶማልን ዝኾነ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ዞባና ዝፍጸም ናይ ደገ ምትእትታው ብሓባር "ክምክትአ" ስለዝወሰና። እዚ መልእኽቲ'ዚ ኸኣ ንዝምልከቶ ወገን ንጹርን ብሩህን እዩ።

3-ሳልሳይ መልእኽቲ፡ "ዞባዊ ርግኣት ንምርግጋጽ ሓባራዊ ጻዕሪ ምህዛዝ እዩ" ዝብል። እዚ ማለት ከኣ፡ ሰለስቲኣን ሃገራት ኣንጻር'ቲ ንጸጥታን ርግኣትን ሃገራት'ቲ ዞባ ዝህውኽ ወገን ብሓባር ተወሃሂደን ክሰርሓ ማለት እዩ።

4-ራብዓይ መልእኽቲ፡ ናብ'ተን ቐርሰና ንምምካትን ቀይሕ ባሕሪ ንምውሓስን ብዝብል ምስምስ ወተሃደራዊ መዓስከር ዘቍማን ናይ ኩናት መራኽብ ዘዋፍራን ሃገራት ዝቐንዐ እዩ። ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ መልእኽቲ ከኣ፡ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ንምውሓሱ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንቀይሕ ባሕሪ ካብ ከጋጥሞ ዝኽእል ስግኣታት ንምሕላው ከይተረፈ ካብ ዝኾነ ይኹን ወገን ንላዕሊ ብቑዓት ምዃነን ዘሕብር እዩ። ከምኡውን ሓደጋታት ቀድሚ ምውራዱ ናይ ምክልኻሉ ኣገባባት ካብ ዝኾነት ሃገር ንላዕሊ እኹል ኣፍልጦ ኣለወን። ስለዚ ኸኣ ነተን ናይ ገዛእ ርእሰን ኣጀንዳ ዘለወን ብዝተፈላለየ ምኽንያታትን ምስምሳትን ዘብለጭልጭ ጭርሖታት ከም "ሓለዋ ብልጽግና" ተሓንጊጠን ወተሃደራዊ ህላወአንን ጽልዋአንን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምኽኑይ ንምግባር ድኽመታት ንምምዝማዝ ዝጓየያን ግርጭታትን ወጥሪታትን ዝፈጥራን ናይ ወጻኢ ምትእትታው ኣፍ-ደገ ንምዕጻው ካብ ዝኾነት ሃገር ንላዕሊ ዝፈልጣ እየን።

**ናይ ምክትታል መካኒዝም** ኣብ መደምደምታ "ስምምዕ ኣስመራ" ካብ ጽቡቕ ድሌት ዝብገስ ሓሳብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ የግዳስ ኣብ ኩሉ መዳያት እስትራተጂያዊ ምትሕግጋዝ ዘረጋግጽ ብመገዲ "ሓባራዊ ኮሚተ ሚኒስተራት ወጻኢ ጉዳይ ሰለስቲኣን ሃገራት ብናይ ትግባረን ምክትታልን መካኒዝም ዝተደገፈ ግብራዊ ናይ ስራሕ መደባት ዘለዎ ንኽኸውን ኤርትራ፡ ምስሪን ሶማልን ብልዑል ተገዳስነት'የን ሰሪሐን። 16 **ጥቅምቲ** 2024